ኣብ ቤት ፅሕፈት ህንፀት ምምሕዳር መጓዓዝያን ወረዳ 2ተ ኣዉላዕሎ ዝርከብ ከይዲ ስራሕ ቁፅፅርን ስራሕቲ ህንፀትን ኣብ 2012ዓ/ም በጀት ዓመት ኣብ ዞባ ምብራቕ ወረዳ ገረዓልታ ኣብ ጣብያ ዓላል ኤም ሲ ኤች 1 ህንፃ ከስርሕ ስለዝደለየ ን ደረጃ 8ተ አኣእሽተይ ንግዲ ትካላት ፍቃድ ስራሕ ዘለዎም ኮንስትራክሽን ሕብረት ሸርክና ዉልቀን ክልላዊ ሸፋን ክትጫረቱ ይዕድም

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ነሓሰ 20, 2012 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 5, 2013 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10,000
- ቦታ:ክልተ ኣዉላዕሎ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 5, 2013 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

1 ኣብ 2012ዓ/ም ብቤት ፅሕፈት ል/ደ/ኣ/ን/ት ዝተሓደሰ ዝተወሃበ ብርኪ ትካል ወረቀት ንግዲ ምዝገባ ምስክር ወረቀት ንግዲ ስራሕ ፍቃድን ቲን ፍቃድን ኮንስትራክሽን ዘሐደሱሉ ናይ ቫት ምዝገባ ወረቐት ምስክር ፣ ናይ ዝሓለፈ ርብዒ ዓመት ናይ ቫት ዲክለሬሽን መቅረባይነት ሰርተፊኬትን መረዳእታታ ካይሓዝሓ ምዉድዳር ኣይፍቀድን

2 ናይ ጨረታ ዉሕስና ካብ ዝተፈለጠ ናይ መድሕን ዉሕስና ትካል ወይድማ ካብ ባንኪ ብዝወሃበ ዝተረጋገፀ ቼክ ስፒኦ 10,000.00 ከቕርቡ ኣለዎም

3 ተጫረቲ ናይቲ ዝጫረቱሉ ናይ መንገዲ ፕሮጀክት ስራሕቲ ሳይት ካብ ዝተረከብሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 180 ተኽታታሊ መዓልቲታት ዛዚሞም ከረክቡ ኣለዎም

4 ጨረታ ሰነድ ካብ ቤት ፅሕፈት ኮንስትራክሽንን መንገድን ትራንስፖርትን ወረዳ 2ተ ኣዉላዕሎ ዝርከብ ከይዲ ስራሕ መንገዲ ምዕባለን ምምሕዳር ዝረከብ ዘይምለስ 100 ብር ብምክፋል ምዉሳድ ይክእሉ

5 ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ጨረታ ሰነድ ሓደ ኦርጅናል ክልተ ኮፒን ብቤት ፅሕፈት ል/ደ/ኣ/ን/ት ዝተወሃበ ዝተሓደሰ ብርኪ ትካል ምስክር ወረቀት ንግዲ ምዝገባ ምስክር ወረቀትን ንግዲ ስራሕ ፍቃድን ኩሎም ፖስታታ ብምዕሻግ ነቲ ጨረታ ተባሂሉ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅጨረታ ክሳብ ዕለት 05/01/2013ዓ/ም ሰዓት 3:00 ንጉሆ ብኣካል ብምምፃእ ከእትዉ ይኽእሉ

6 እቶም ጨረታታት ኩሎም ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ዕለት 05/01/2013ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ንጉሆ ይክፈት

7 እቲ ከይዲ ካሊእ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ናቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

ንተወሳኪ ሓበሬታ 03 44 43 03 80

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle